# ***<u>ኣሕውይዎ እዚ ሽምዓ</u>***

“ ብዓውታ!.....ብዘሰንብድ ድምጺ
ብሕሹኽታ!.....ንህድኣት ዘይሃዋጺ
ብነበልባል ብርሃን ብንብዓት ናይዚ ሽምዓ
ክፉእና ክትዕዘብ ስዉእ ሎሚ ንዓ ”
ንኽንብል ትብዓት እንተ ነጥሪ
'ሞ
ሽዑ!...
ጸዋዒትና ሰሚዑ
ስዉእ እንተዝመጽእ
ልሳኑ ከፊቱ ከኣ
እንተዝጅምር ከውክእ
ሕመቕና ክጽብጽብ'ውን ስዉእ እንተዘድሂ
ረፈጥ ምበልና ይመስለኒ
ተዋሒጥና ብፍርሂ፡፡
ስዉእ 'ንተዝጓዝም ናባና ብኽብሪ!
እንተ ዝመጽእ ኩነትና ከመጻሪ
መን ጽን ምበለ ተጻዊሩ ነድሪ
መን'ከ ካባና፡ ጽንዓት ቃልሱ ኣሚኑ ደው ምበለ ኣብ እዚ ቀጽሪ፡፡

ኣብ ረዚን ርክብ፡ ስዉእ ኣብ ዝመርሖ
ንስንፍላል ሂወትና ዝተሳእኖ መርሆ
መግለጺ ክድርደር ሓቂ እንኪጋወሖ
ተረኺቡስ
መን ምኾነ ካባና “ ይሰምዓካ ኣለኹ” ዝብል?
ጽምኢ ሓርነትና ብንጣብ ደም ከጥልል
ስዉእ “ መን ምሩቕ? ” ምስ በለ
መን'ከ ካባና “ንመስዋእቲ ኣነ ምሩቕ” ምበለ፡፡

መን ካባና ድልዉነቱ ምጸወየሉ?
ንገንሸል ናጽነት
መን ካባና መቓብሩ መቕሰነሉ?
ንሉኡኽ ሰማእታት
መን ኣብ ቅድሚ ድምጺ ስዉእ፡
ደው ምበለ ኪኢሉ ኣብራኹ?
ነዚ ዘለናዮ'ኸ መን መዘንተወሉ ሓቂ ሓናኾኹ?
መን ምኽኣለ ክሰምዕ ቃላት ሕርቃኑ?
ጻማ ናይ መስዋእቱ ምልኪ ስደት ኮይኑ
ምስረኣየ!....ብኣሻኽ ገጽ እንዳተዓዘበና
ሰብ ዝገብሮ ብዘይምግባርና
ኣዒንቱ ኣፍጢጡ
እና ዘራጋሐ ኣእዳዉ
እና ነጸየ ጸጉሩ
እና ሓርቀመ ኣስናኑ
እንተዝብለና!

ሕጂ ፊት-ንፊትና ቆይሙ
“ብሰሪ ሕመቕኩም መስዋእቲ ኮንቱ ኮይኑ
ትርጉም ናጽነትኩም ሲሒቱ ሚዛኑ
ወለደይ ኣብዘይደብስሉ
ህዝበይ ኣብዘይረግኣሉ
ሃገረይ ኣብዘይትለምዓሉ
ዓመት ጸባጺብኩም ሽምዓ ከተብርሁ
ቁልቁል ኣፍኩም ካብ'ትድፍኡ
ግናይኩም ግዳ ዘይትነግሑ?”
እንተዝብለና
ብልሕቱት ጎረሩኡ
ምስ ጸረርታ ደም መታልሑ
ምስ ግቱር ጥንኩር ጭዋድኡ
ምስ ጥልቁይ ግዕያት እንግድዕኡ
“ተላዘቡ 'ንዶ በሉ ኢሂን ሚሂን
ህዝባውያን ኩኑ ሕልናዂም ክቕስን!”
እንተ ዝብለና
ደመ-ነብሲ ሰሪዑ
“ኣሕውይዎ 'ዚ ሽምዓ
ሽምዓ ልብዂም ኣብርሁ”
ብምባል ብሓንቲ ኡፍ..ትኡ
ነዚ ናትና ሽምዓ ኣጥፊኡ
ናቱ ሽምዓ ኣብሪሁ
እንተ ዝጅምር ክመራምረና
ከይበልና ሽፍን-ፍን ከይበልና ሕብእ-ብእ
ከባና መን ምተጻወሮ ንድምጺ ናይ ስዉእ?




ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!!
ሰነ 2017
ብሰንሰሎማይ ሰላም ኣብ ሃገር